ማእኸል ሓወልቲ ሰማእታት ክልል ትግራይ ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ር ንማእኸልና ግልጋሎት ዝውዕሉ ህንፃ መሳርሕን፣ ናይ ሰራሕተኛታት ደንቢ ክዳን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም የካቲት 21, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 3, 2012 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 3, 2012 3:45 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ጨርቃ መርቂን ኣልባሳትን/

1 ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ፣ መለለይ ግብሪ ከፋልነት (tin no)፣ መቅረባይነት ሰርቲፊኬት፣ ናይ ተወሳኺ እሴት ታክስ (ቫት) ዝተመዝገብሉ ሰርቲፊኬትን ናይ ጥሪ ወርሒ ቫት ዲክለሬሽን ዘቅርቡ፤

2 ናይ ጨረታ መኽበሪ ሲፒኦ ብር ናይ ሰራሕተኛታት ደንቢ ክዳን 3000.00 ፣ህንፃ መሳርሒ 40000.00 ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ብሽም ማእኸልና ከትሕዙ ዝኽእሉ፤

3 ንሕድሕድ ዓይነት ዘርፊ ጨረታ ካብ ማእኸልና ሓወልቲ ሰማእታት ክልል ትግራይ ቢሮ ቁፀሪ 04 ዘይምለስ ብር 30.00 ቅርሺ ጥራሕ ከፊሎም እዚ ምልክታ ከብ ዝወፀኣሉ ዕለት 19/06/2012 ዓ/ም ክሳብ 03/07/2012ዓ/ም ሰዓት 3:30 ናይ ንግሆ ኣብ ዘሎ ስራሕ ሰዓት ዓዲጎም ነፀላን ጠቅላላ ዋጋን ምስ ቫቱ ሓዊሶም ብዝተዓሸገ ፖስታ ብምግባር ኦርጅናልን ኮፒን ነንበይኑ ብምዕሻግ ናይ ትካሎም ማህተም ብምግባር ናብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቅ ኣታዊ ይገበሩ።

4 ጨረታ ሳንዱቅ ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ማእኸል ሓወልቲ ሰማእታት ክልል ትግራይ ደ/ከ/ስ/ፋይ/ም/ር ንበረትን ቢሮ ቁፀሪ 07 ይኸውን።

5 ጨረታ ምስ ተከፈተ ተጫረቲ ኣብ ዘቕብዎ ናይ መወዳደሪ ሓሳብ ለዉጢ ወይ ምምሕያሽ ምግባርን ካብ ጨረታ ነብስካ ምግላልን አይክእሉን

6 ጨረታ ዕለት 03/07/2012 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ተዓሺጉ በቲ ዕለት ሰዓት 3:45 ቅድሚ ቀትሪ ኮይኑ ተወዳደርቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዘለዉሉ ይከፈት ብዘይ ምርካቦም ከይዲ ጨረታ ኣይተኣጎጎልን።

7 ተጫረቲ ኣብ ጨረታ ዝተቐመጡ ነጥብታት ግልፂ እንተዘይኮይንሎም መብርሂ ወይ መማሓየሺ ሕቶ ከቕርቡ ዝክእሉ ጨረታ ዝኽፈተሉን እዋን ቅድሚ ምብፅሑ ይኸዉን

8 እቲ ከይዲ ሰራሕ ጨረታ ምስተኸፈተ ከም ኣድላይነቱ ናይቲ ዝግዛእ መጠን ንብረት ክሳብ 25% ክውስኽ ወይ ክንኪ ይኽእል።

9 ጨረታ ዝሰዓረ ኣብ ጊዜ ውዕሊ ካብቲ ዝሰዓሮ ጠቅላላ ዋጋ 10 % ከትሕዝ ዝኽእል፤

10 ዘሸንፍዎ ንብረት መቅረብቲ ብናይ ባዕሎም ናይ ትራንስፖርት ወፃኢ ናብ ማእኸል ሓወልቲ ሰማእታት ኣታዊ ክገብሩ ዝኽእሉ፤

11 ማእኸልና እዚ ጨረታ ዘየዋፅእ እንተኾይኑ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰል አለዎ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስቁ 0342-400058 ደዊልኩም ምሕታት ትኽእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle